# ኣብ ቤት ትምህርቲ ዝግበር ቅልጡፍ ምርመራ ፕሮግራም

## ሓበሬታ ንወለዲ፣ንተማሃሮን ንናይ ቤት ትምህርቲ ሰራሕተኛታትን

---

## ቅልጡፍ ምርመራ ኣብ ቤትትምህርቲ

እቲ ቅልጡፍ ናይ ምርመራ ፕሮግራም ናብ ብዙሓት ኣብያተ-ትምህርትን ዘበታትን ይስፋሕፋሕ ኣሎ ። ንተማሃሮን ሰራሕተኛታትን ምርመራ ምግባር ኮቪድ-19 ዘለዎም ግና ምልክታት ዘይብሎም ሰባት ብቕልጡፍ ከለሊ ይሕግዝ ።

እዚ ንተማሃሮን ሰራሕተኛታትን ኣብ ዝሓጸረ ግዜ ንኽውሸቡን፡ ከምኡ 'ውን ነቲ ቫይረስ ከይላባዕ ኣብ ምግባርን ይሕግዝ ።

ምስቲ ኣብ ኣብያተ-ትምህርቲ ዝወሃብ ጥዕናዊ ስጉምትታት ተደሚሩ፡ ቅልጡፍ ምርመራ ምግባር፡ ናይ ተማሃሮን ሰራሕተኛታትን ድሕንነት ኣብ ምሕላው ክሕግዝ ይኽእል።

ኣብያተ-ትምህርቲ ብዝተፈላለዩ ረቛሒታት ክምረጻ እየን። ሓደ ካብቶም ረቛሒታት ድማ፡ ዝርገሐ ኮቪድ-19 ኣብቲ ቤት-ትምህርቲ ወይ ድማ ኣብቲ ማሕበረሰብ እዩ ።

## ፍቓድ

እዚ ዝወሃብ ምርመራ ንሰራሕተኛታትን ተማሃሮን ምርጫ እዩ። ኣብዚ ፕሮግራም እዚ ክትሳተፉ ትደልዩ እንተኾይንኩም ኣብቲ ናይ ፍቓድ መውሃቢ ፎርም ሓብሩ።

## ስጉምትታት

ኣብዚ ፕሮግራም ዝሳተፉ ኣብያተ-ትምህርቲ እቲ ቅልጡፍ ምርመራ ዝግበረሉ ዕለት ክሕብራ እየን ። ኣብቲ ቤት ትምህርቲ፡ ኣባላት ጉጅለ ሰብ ሞያ ጥዕና ኣብ ሰዓታት ትምህርቲ ብምምጻእ፡ ነቶም ምልክታት ናይ ኮቪድ-19 ዘይብሎምን፡ ምስ ብኮቪድ ዝሓመመ ሰብ ዘይተራኸቡን፡ ምርመራታት ክገብሩሎም እዮም ። ድሮ ተወሺቦም ዘለዉ ሰባት፡ ምርመራ ኣይግበረሎምን እዩ።

እቲ ቅልጡፍ ምርመራ፡ ክሳብ ክልተ ጊዜ ክወሃብ ይከኣል እዩ። እዚ ድማ ናይ ሓደ ሰሙን ፍልልይ ዘለዎ እዩ። እዚ ከኣ ኣብተን ለበዳ ዝረኣየለን ዘሎ ኣብያተ-ትምህርቲ፡ እቶም ክውሸቡ ዘለዎም ፡ ኣቐዲምካ ንምምማይን ንምፍላይን ይሕግዝ።

## ቅልጡፍ ምርመራ ምርካብ

እቲ ናይ ጥዕና በዓል ሞያ፡ ኣብ ውሽጢ ኣፍንጫ ዝኣቱ መመርመሪ ይጥቀም። እቲ ካብ ኣፍንጫ ዝተረኽበ ድማ፡ እቲ ሰብ ኮቪድ-19 ከይህልዎ ምርመራ ይግበረሉ። እዚ ኣብ ኣፍንጫ ዝግበር ቅልጡፍ ምርመራ፡ ካብቲ ኣብ ኣገልግሎት ጥዕና ኣልቤርታ (AHS) መመርመሪ ክፍሊ ዝወሃብ ምርመራ ናይ ኮቪድ-19፡ ኣዝዩ ዝሓሸን ምቹእን እዩ። ተመሃሮን ሰራሕተኛታትን ውጽኢት ናይ ምርመራኦም ክሳብ ዝፍለጥ፡ ናብ ክፍሎም ወይ ድማ ናብ ስርሖም ይምለሱ።



©2021 Government of Alberta | Published April 2021

Classification: Public

## ውጽኢት

**ሕማም ኮቪድ-19 ዘይብልካ እንተኾይኑ (Negative results)**

ብናይ ኮቪድ ቫይረስ ዘይተጠቓዕካ እንተኮይንካ ናይ ምርመራ ውጽኢት **<u>ኣይሕበረካን</u>**።

እቲ ቫይረስ ኣይተራእየን ማለት ድማ ፡ ንሓደ ሰብ ኮቪድ-19 ከም ዘይህልዎ ወይ ጸኒሑ ከም ዘይልከፎ ውሕስነት ኣይህቦን እዩ ።

ነፍሲ ወከፍ ሰብ፡ እቲ ብህዝባዊ ጥዕና ዝወሃቡ መምርሒታት፡ ማለት ኣካላዊ ምርሕሓቕ ፡ ኣፍካን ኣፍንጫኻን ምኽዳን ፡ ካብ ዓንኬልካ ዘይምውጻእን፡ ከምኡ'ውን ኣእዳውካ ኣዘውቲርካ ምሕጻብ ፡ ብቐጻሊ ክንከታተሎም ይግባእ ።

**ኣወንታዊ ውጽኢት (Positive results)**

ሓደ ተመሃራይ ኣወንታዊ ውጽኢት እንተ ደኣ ተረኺቡዎ ፡ እቲ ተመሃራይ ፡ ወለዲ ወይ መጕዚት ክሳዕ ዝሕበሩ፡ ኣብ ቤት ትምህርቲ ከይተሰከፈ ንበይኑ ኰይኑ ይግልገል።

ሓደ ሰራሕተኛ ኣወንታዊ ውጽኢት እንተ ረኺቡ ፡ ካብ ቤት ትምህርቲ ኽሳእ ዝወጽእ ፡ ንበይኑ ተፈልዩ ንበይኑ ይቕመጥ ።

ኣወንታዊ ውጽኢት ቅልጡፍ መርመራ ፡ ሓደ ሰብ ኮቪድ-19 <u>ኣለዎ ማለት ኣይኮነን</u> ። እቲ ኣብ ኤ.ኤች.ኤስ. ([AHS testing site]()) ዝግበር ምርመራ ናይ ላቦራቶሪ መርመራ ናይ ኮቪድ-19 እዩ ፡ ዝያዳ ልክዕ ዝኾነን ናይ ኮቪድ-19 ምልካፍን ከረጋግጽ ዝኽእል።

ይኹን እምበር ፡ ሓደ ኣወንታዊ ቅልጡፍ ናይ መርመራ ውጽኢት ዘለዎ ሰብ ፡ ካብ ኤ.ኤች.ኤስ. ዝተገብረ ናይ ኮቪድ-19 ናይ ላባራቶሪ መርመራኦም ኣሉታዊ እንተዘይኮይኑ ፡ ካብታ መርመራኦም ዝተዘዘመላ ዕለት ን10 መዓልታት ክውሸቡ ይግባእ።

ኣብዚ ቅልጡፍ ምርመራ፡ ኣዎንታዊ ውፅኢት ዝተረኽቦም ሰራሕተኛታትን ተመሃሮን፡ ብኢንተርነት ካብ ኤ.ኤች.ኤስ. (online at [www.ahs.ca/covid](www.ahs.ca/covid)) ናይ ኮቪድ-19 ምርመራ ቆጸራ ክሕዙ ኣለዎም።

## ጥቡቕ ርክብ

ኣብዚ ቅልጡፍ ምርመራ፡ ኣዎንታዊ ውፅኢት ምስ ዝተረኽቦ ሰብ፡ ብቐረባ ዝራኸቡ ሰባት፡ እቲ ኣወንታዊ ውጽኢት ብመርመራ ናይ ኤ.ኤች.ኤስ ክሳብ ዝረጋገጽ፡ እቶም ምስዚ ሰብ እዚ ብቀረባ ዝራኸቡ (ወይ መቕርብ ዝኾኑ)፡ ክውሸቡ ኣይግደዱን።

## ቅድሚ ሕጂ ዝነበረ ኣወንታዊ ምርመራ ኮቪድ-19

ኣብዘን ዝሓለፋ 90 መዓልትታት ኮቪድ-19 መርመራ ዝገበረን፡ ኣወንታዊ መልሲ ድማ ዝረኸበን ሰብ እንተሃልዩ፡ ኣብዚ ቅልጡፍ ፈተነ **<u>ምርመራ ክገብር የብሉን</u>** ። ገለ ካብ ኮቪድ-19 ዝሓወዩ ሰባት ዋላ'ኳ ንካልኦት ሰባት ከመሓላልፉ ኣብ ዘይክእልሉ ደረጃ እንተበጽሑ፡ ግን ገና ኣወንታዊ ውጽኢት ከርእዩ ይኽእሉ እዮም።

ደቅኹም ኣብ 'ዘን ዝሓለፋ 90 መዓልታት፡ ብኮቪድ-19 ተለኪፎም እንተነይሮም፡ በጃኹም ኣብዚ ቅልጡፍ ምርመራ ፕሮግራም ንኽሳተፉ **<u>ኣይትፍቀዱ።</u>**

## ኮቪድ-19ን ካልኦት ሕማማትን

እቲ ኣብ ኤ.ኤች.ኤስ. ([AHS testing site]()) ዝግበር ምርመራ ናይ ላቦራቶሪ መርመራ ጥራሕ እዩ ሓደ ሰብ ብናይ ኮቪድ-19 ወይ ድማ ብካልእ መልክዑ ከምዝተለኽፈ ከረጋግጽ ዝኽእል።

## ርግጽነት ናይ ምርመራታት መልሲ

እዚ ናይ ቅልጡፍ ናይ ምርመራ ውጽኢት፡ ልክዕ ከምቲ ብላባራቶሪ ዝተረጋገጹ ምርመራታት ብመገዲ ኤ.ኤች.ኤስ.([AHS]()) ዝግበር ኣይኮነን።

ሓደ ምልክታት ሕማም ዘይብሉ ሰብ ፡ ቅልጡፍ መርመራ እንተ ገይሩ ፡ ኣወንታዊ ውጽኢት (እቲ ሕማም ከምዘለዎ) ክረክብ ዘለዎ ተኽእሎ ትሑት እዩ ። ይኹን እምበር ፡ ኵሉ እቲ ካብዚ


©2021 Government of Alberta | Published April 2021

Classification: Public

ቅልጡፍ ምርመራ፡ ኣወንታዊ ውጽኢት ዝረኸበ፡ ብተወሳኺ ብናይ ኤ.ኤች.ኤስ. ላባራቶሪ መርመራ ክረጋገጽ ኣለዎ ።

ሓደ ምልክት ናይዚ ሕማም ዘይብሉ ሰብ፡ ሕማም ከምዘይብሉ ዘርኢ ውጽኢት ናይ መርመራ ክረክብ፡ ዘለዎ ተኽእሎ ወይ ዕድል ብዙሕ እዩ። ኣብዚ ናይ ቅልጡፍ ምርመራ ሕማም የብልካን ዝተባህለ ሰብ (ነጋቲቨ)፡ እዚ ሰብ እዚ በዚ ሕማም እዚ ኣይተለኽፈን ወይ ድማ ክልከፍ ኣይክእልን እዩ ማለት ኣይኮነን።

## ተወሳኺ ሕቶታት

ብዛዕባ እዚ ኣብ ኣብያተ-ትምህርቲ ዝወሃብ፥ ቅልጡፍ ናይ ምርመራ ፕሮግራም፡ ዝኾነ ሕቶ ምስዝህልወኩም፡ ብኢመይል ክትውከሱና ትኽእሉ ኢኹም፥
EDC.SchoolRapidTesting@gov.ab.ca
ንኮቪድ-19 ዝምልከት እዋናዊ ሓበረታ ንምርካብ ኣብዚ ውብሳይት ተወከሱ፡ www.alberta.ca/Covid19



©2021 Government of Alberta | Published $12021

Classification: Protected A